ቤት ፅሕፈትና ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ንዝተፈላለዩ ንአብያተ ፅሕፈት ከተማ መቐለ ግልጋሎት ዝዉዕል መሳርሒ ፅሕፈት : መነፃፀሪ ክብደት ሚዛንን ነዳድን: ኤሌክትሮኒክስ:ናይ መኪና ጎማን ባትሪን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደሊ ሕጋዉያን ነጋዶ ክትወዳደሩ ንዕድም::

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥቅምቲ 24, 2010 (ልዕሊ 9 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 11, 2010 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 11, 2010 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ምህንድስና ኣቁሑት/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 ናይ ዘመኑ ግብሪ ዝኸፈሉ ናይ 2009/2010 ዝተሐደሰ ፍቃድ ንግዲ :ቲን /TIN/ : መቅረባይ ሰርተፊኬት : VAT ተመዝገብቲን ናይ መስክረም 2010 ዓም ቫት ዲክለረሽን ከቕርቡ ዝክእሉ

2 ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሕፈትና ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረትን ምም/ር ካብ 24/2/2010 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 50.00 ብምክፋል ጨረታ ሰነድ ምዉሳድ ይካኣል::

3 ናይ ጨረታ መኽበሪ ፅሕፈት መሳርሒ 8,000 ብር :ንኤሌክትሮኒክስ 15000 ብር :ናይ መኪና ጎማን ባትሪን 10000 ብር :መነፃፀሪ ክብደትን ሚዛንን ነዳድን 5000 ብር ብስፒኦ ወይ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ናይ ባንኪ ዉሕስና ወይ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ መአዘዚ ክፍሊት ቼክ ከትሕዝ ዝክእል

4 ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 11/03/2010 ዓ/ም ሰዓት 8:30 ናይ ድሕሪ ሰዓት ተዓፅዩ በዚ ዕለት ሰዓት 9:00 ኣብ ቅድሚ ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወኪላት አብ ዘለዉዎ ይኽፈት::

5 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ብክልተ ፖስታ/ሐደ ኦርጅናልን ሐደ ኮፒ/ ዝተዓሸገ ፖስታ ክቕርብ ዝክእል::

6 ዝኮነ ይኩን ተወዳዳሪ ብቤት ዕዩና ዝተዳለወ ስሩዕ ሰነድ ጨረታ ብክፋል ምቕራብ ኣይክእልን

7 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እነተረኪቡ ብሙሉእ ይኹን ብኸፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

8 ኣድራሻና ምምሕዳር ከተማ መቐለ ኣጋአዚ ኦፕረሽን ህንፃ ድሕሪ እንዳማርያም ቤተክርስትያን ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ክፍሊ ቁፅሪ 34Â

8 ንተወሳኪ ሐበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0342 408757/0344408501 ደዊልካ መብርሂ ምሕታት ትኽእሉ::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle